30-10-2009

ምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ ህዝብን ሰራዊትን ይገብረሉ ብዘሎ ብርቱዕ ተቓውሞ ተገዲዱ ኣብ ሳዋ ንዝርከብ ቤት ትምህርቲ ክዓጽዎ ከምዝወሰነ ተረጋገጹ።

ኣብ ኣስመራ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ዝርከቡ እሙናት ምንጭታት ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ኣብ ዝሰደዱልና ርጡብ ሓበሬታ ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ወሲኹ ብዙሓት ሃገራውያን መራኸብቲ ሓፋሽ ብዝፈጠርኦ መንኳሕኳሕታን ብኣውርኡ ድማ ነቲ ሓቀኛ ሓበሬታ ካብ ልቢ ተቐቢሉ ህዝብና ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘሕደሮ ጸቅጢ እንዳሓየለ ብምምጽኡ እቲ ስርዓት ከይፈተወ ድሕሪ መዋፈሪ ዊዓ ምዕጻው ነቲ ኣብ ሳዋ ዝነበረ 12 ክፍሊ ዝመሃሩሉ ቤት ትምህርቲ'ውን ክዓጽዎ ከምዝወሰነ ኣረጋጊጾሙልና ኣለው። ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶም ካብ ሚኒስትሪታት ምክልኻልን ትምህርትን- ካብ ኮሌጃትን ካልኦት ኣካላት ትምህርትን ኣብ ዝተሳተፉሉ ኣኼባ ካብ መላእ ሃገርና 11 ክፍሊ ወዲኦም 12 ክፍሊ ዝመሃሩሉ ዝነበሩ ኣብ ሳዋ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ክዕጾ ከምዝግበር ነቲ ውሳነ ንዘገደደ ጥረ ሓቂ ከይሓብኦ ብዝርዝር ምግላጹ ዝሓበሩ እሙናት ምንጭታትና ኣቶ ሰመረ ቤት ትምህርቲ ሳዋ ክዕጾ ዝተወሰነ

ቀዳማይን ኣውራን -ካብ ሳዋ ናብ ጎረቤት ሱዳን ዝግበር ህድማ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ሕማም ርእሲ ብምኻኑ።

ካልኣይ ድማ - ፍቅሪ ወለዶም ዘይጸገቡ ዕሸላት ደቅና ንምንታይ ሳዋ ከይዶም ክመሃሩ ተገድድዎም ኣለኹም? ደቅና ብተላባዒ ሕማም ኣብ ዕሸል ዕድሚኦም ይቕዘፉ ኣለው ዝብል ናይ ህዝቢ ብርቱዕ ጸቕጢ ይዛይድ ብምህላው'ዩ ክብል ብዘየማትእ መገዲ ከምዝተዛረበ ድማ ኣመልኪቶም እዮም።

ምዕጻው ቤት ትምህርቲ ሳዋ ውሳነ እቲ ጉጅለ ኮይኑ ምህላው ብኣቶ ሰመረ ርእሶም ብዕሊ ተገሊጹ'ኳ እንተሃለወ ሰናይ ፍቓድ ኢሳይያስ ስጋብ ዘይተወሰኸ ከይትግበር ዝኽእሉሉ ተኽእሎ ስለዘሎ ህዝቢ ቃልሱን ጸቕጥታቱን ዝያዳ የሐይሉ ክቕጽሉሉ ከምዝግባእ ድማ እቶም ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ዝርከቡ ነቲ ስርዓት ኣጸጽዮም ዝፈልጡ ምንጭታትና ኣገንዚቦም ኣለው። ዛጊት ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ንመንኳሕኳሕታ ወጋሕታን ካልኦት ሃገራውያን መራኸብቲ ሓፋሽን ካብ ልቢ ሰሚያም ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ብዝፈጠርዎ ከቢድ ጸቅጢ

- ብሰንኪ ተላባዕቲ ሕማማት ዜጋታት ዝረገፉላ ዊዓ ከምዝተዓጸወት
- መሬት ሓረስቶት ብምርሳይ ዝፍጸም ግፍዒ ብኸፊል ምቅናሱን ናይ ገሊኦም ሓረስቶት ዜጋታት መሬት ከምዝተመለሰሎም
- እኽሊ ከይሸየጥ ከይልወጥ ዝብል ሕጊ በርዒኑ በብዞብኡ ይሸየጥ ዝብል ፍቓድ ከምዝተዋሃበ
- ዋላ'ኳ ብኣግባቡ ዘይተፈጸመን ምስሉይን እንተኾነ ብዕድመ ዝደፍኡን ኣካላዊ ብቕዓት የብልኩምን ዝብል ምስምስ ዝተምሃዘሎምን ገዳይም ተጋደልቲ ክጣየሱ ይግበር ምህላው ሕጂ ድማ ብኣውርኡ ኣብ ወተሃደራዊ ታዕሊም ትቕሰብ ዝነበረት ቤት ትምህርቲ ሳዋ ክትዕጾ ምኻና ምግላጹ ብኣብነት ብምጥቃስ ድማ ህዝብና ፍረ ቃልሱ ይርኢ ምህላው ከምዘረጋግጽ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ ኣሎ።

ህዝብናን ውጹዕ ሰራዊትናን ነዚ ሳላ ብርቱዕ ብድሆኦም ዝረኽብዎ ዘለው ገለ ውጽኢታት ኣስተማቒሮም ናህሮም ዝያዳ ከማዕብልዎን እቲ ጨቋኒ ስርዓት ብቃልሲ ተማሕዩ ዝድርበየሉ ወቕቲ ርሑቕ ከምዘይኮነ እምነቶም ከጽንዑዎን ድማ እቲ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ እቲ ስርዓት ካብ ዘለው እሙናት ምንጭታትና ዝመጸና ርጡብ ሓበሬታ ኣተሓሳሲቡ'ዩ።

----------////----------

30-10-2009

ሜጀር ጀነራል ውጩ ምስ መራሕቲ ክፍላተ ሰራዊታቱ ናብ ኣስመራ ብህጹጽ ተጸዊዑ።

ኣብ ግንባር ዓሰብ ዝርከቡ እሙናት ምንጭታት ማሕበረ- ሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ከምዘረጋገጹልና ኣብ ቀረባ እዋን ኣዛዚ ምብራቓዊ እዚ ኮይኑ ዝተመደበ ሜጀር ጀነራል ገ/ሔር ዓንደማርያም ውጩ ንኣኼባ ናብ ኣስመራ ተጸዊዑ'ሎ። ውጩ ናብቲ ኣኼባ ኩሎም ኣዘዝቲ ክፍላተ ሰራዊት ሒዙ ክመጽእ ዝተኣዘዘ ኮይኑ ኣውራ ኣጀንዳ ናይቲ ኣኼባ ከኣ ህድማ ስግረዶብ ንህልውናና ኣብ ስግኣት ዝሸመመ ኮይኑ ኣሎ ስለምንታይ ኢና ክንቆጻጸሮ ዘይክኣልና? እቲ ሰራዊት ብልቡ ምሳና ኣሎ ድዩ? ዝሃደመን ዘይሃደመን ሓደ ልቢ'ዩ ዘሎ ንምንታይ? ዝብሉ ከምዝኾኑ ሓበሬታ እሙናት ምንጭታትና ኣፍሊጡ'ሎ።

ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ኣብዚ ሕደት ኣዋርሕ ምውዛዕ ሰራዊትን ብወዛ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ብምግባር ንኹሎም ኣዘዝቲ ዞባ ስርሒታት ካብቲ ዝፈልጥዎን መሰረት ዘንበርሉ ከበባብን ኣልዒሉ ንዓመጽ ከለዓዕልሉ ኣይክእሉን ኣብ ዝበሃሉሉ ከባብታት ከም ዝመደቦም ይፍለጥ።

----------////----------

Web-site: www.sallina.com

E-mail: banawegahta@yahoo.com

: Selamwegahta@yahoo.com